# ዝኽሪ ባሕቲ መስከረም ኣብ ሆላንድ

ብዕለት 24 መስከረም ኣብ ከተማ ሮተርዳም ጽንብል ባሕቲ መስከረም መበል 44 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎና ብክብ ዝበለ ድምቀት ከቢሩ ሐሊፉ።

ኣቶ ተስፍይ ርእሶም ንኩሎም ኣባላት ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳንን ዕዱማት ኣጋይሽን እንቃዕ ደሐን መጻእኩም ብምባል ናይ መእተዊ ቃል ኣስሚዑ።ቀጺልውን ናይ`ቲ ምሸት መደባት ብምሕባር ንኩሎም ብሐንሳብ ሐደ መስከረም ክዝምሩ ብምሕታት ተጀሚሩ።

ስዒቡ ድማ ቃል ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ጨንፈር ሆላንድ ብኣቶ መኮነን ተኸለን ኣቶ ኣሕመድ ነጋሽን ብተኸታታሊ ተነቢቡ። ኣብ ጽሑፎም ብዛዕባ ኣገዳስነት ባሕቲ መስከረምን ኣብ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዘለዋ ዕሚ`ቕ ትርጉምን ኣመልኪቶም ተዘሪቦም። ኣስዒቦም ድማ ድሕሪ ናጽነት ህዝብና ኣብ ከመይ ዝበለ ኩነታት ንባሕቲ መስከረም የብዕላ ከምዘሎ ሐቢሮም።ካብዚ ኣቲናዮ ዘሎና ኣሰቓቒ ኩነታት ክንወጽእ ሕጅው`ን ፈለግ ባሕቲ መስከረም ንክተል ብምባል ጻዊዒቶም ኣቕሪቦም።

ብምቅጻል ኣባላት ኣመራርሓ ኤርትራውያን ውድባት ኣቶ ኣሰፌው በርሄ፤ ኣቶ እስማዒል ዓሊ፤ ኣቶ ዑስማን ሁመድ ህዝብና ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዘሕልፎ ዘሎ ሓሳረ-መከራ ብዝርዝር ጠቂሶም። ካብዚ ኩነታት ንምውጻእ ናይ ኩሉ ኤርትራ ንቑሕ ተሳትፎ ከም ዘደሊ ሐቢሮም። ከምኡው`ን ወይዘሮ ኣስገደት ወጽዓ ጋል-ኣንስተይቲ ድሕሪ ናጽነት ብዝኸፍኤ መልክዕ ይቕጽል ከምዘሎን ምእንቲ ህዝባ ዝኸፈለቶን ሕጅው`ን ትኸፍሎ ዘላ ከቢድ ዋጋን ገሊጻ።

ክምኡ`ውን ዝተፈላለዩ ቓንቓታት ዝቐረቡ ሃገራዊን ባህላውን ድርፍታትን መዛሙርን ግጥምታትን ነቲ በዓል ፍሉይ ድምቀት ሂብዎ ኣምሲዩ።ምሉእ ስእሊ ናይ በዓል ክስዕብ እዩ።

ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን  
ጨንፈር ሆላንድ  
27-09-2005